# ንስኻ እወ ንስኻ

መተካእታ ዘይብላ ኤርትራዊት ሃገር
ከም ብሌን ዓይንና ምእንቲ ክትክበር
ኩሉ ኤርትራዊ ተቓሊሱ ብሓደ ብሓባር
ብሃገር ስለዝጽዋዕ ብዘየገድስ ኣበይ ይንበር

ቀደም ቖልዑ ከለና ሎሚ ምስ ደቅና
ኤረይ ኤርትራ ሃገርና ሃገርናያ እንዳበልና
ብኤርትራ ሃገርና ብሓባር ደሪፍና ዘሚርና
ኣፍና ከፊትና ብኣኣ ተዛሪብና ኣንቢብና
ንሳ ስለዝኾነት ጥዕምቲ ሙዚቃ ዕግበትና

ኣበይ ንሃሉ ብዘይስክፍታ ሰማይ መሬት
ብሓባር ንስጉም ብዘይፍልልይ ንቕድሚት
ንወርቂ ራእይና ንስርሕ ብሓባር ብእምነት

እኽሊ ኣብኩሉ ሃገርና ክዝራእ ክበቁል
ኤርትራና ክትህነጽ ብኹሉ ክትምዕብል
ጥሜት ክጠፍእ ንዘለኣለም ክብል ህልም
ዋርሳይ ይከኣሎ ክጽዕር ክመሃር ክደክም
ሓወይ እስቲ ኣዕልለኒ እንታይ ትሓልም

ንስኻ እወ ንስኻ ክትኣምን ዝደንነኻ
ናበዩ ጠመታኻ ትዝክሮዶ ንግዜ ጉዕዞኻ
ብሓንሳብ ዝብጻሕ ኣሎድዩ ኣብዕድሜኻ
ስድሪ እመት ስጉምቲ ዝብል ረሲዕካዮዲኻ
ተመለስሞ ንድሕሪት ዘክር ብሂል ስድራኻ
እንቃቁሖ ቐስ ብቐስ ብእግራ ትኸይድ ክብሉኻ

ስለዚ ክንሐተካ ምሳናድኻ ምስደቂ ሃገር
ቅድሚ ኩሉ ንኤርትራና ኣቐዲምና ክንዕምር
ኩልና ብኹርዓት ኤርትራ ኤርትራ ክንዝምር

እንታዩ ናትካ ትሚኒት ሓሳብ ስሚዒትካ
ሃገር ከም ሃገር ክትህሉ ክትኮርዕ ብፍጥረትካ

ወይስ ከምቶም ጠለምቲ ብመንነቶም ዘይኩርዓት
ኣንጻር ሃገር ተመልሚሎም ዝሰብኩ ኣንድነት
ከም ወያኔ ሐደ ዓይነት ዘርጊ ብላሽ እምነት

ከምገመል ሽንቲ ንድሕሪት ዝመርጹ ባርነት
መንምኳኖም ዘይፈልጡ ዓጽሚ ልቢ ስእነት
ስብከቶም ጽላለ ምስ ኢትዮጵያ ሕብረት
ዓኽ ቱፍ በሎም በጥሶ ንሐሳር ሰንሰለት
ገመድ ወያኔ ቀሪባያ ክትብጠስ ንዘንተእለት

እንታይ ገደሰካ ምስኦም ትብል እህህ ቃንዛ
ኣብክንዲ ምስደቂ ኤረ ሰሐቕ ተስፋ ዋዛ

ብዘይከውን ኮሪኻ እንተኾንካ ካባና ተፈሊኻ
ምስሃገርን ብዘይ ሃገርን መርሚርካ ባዕልኻ
ምስ ኤርትራውያን ተጸምበር ክትሕጎስ ብልብኻ
ብሃገርካ ክትሕበን ሰላም ክትረክብ ኣብጉዕዞኻ

ንህላወ ኤርትራና ዝጻረር ብፍጹም ኣይንሕለፎ
ከፍርስ ንዝተበገሰ ነቲ ናይ መዓርና ቆፎ
ብመትከል ራእይና ንሓሳቡ ንቃለሶ ንንቀፎ
ሕብረትና ናይ ግድንዩ ብሃገርና ስለንትስፎ
ኤርትራዊ ተስፋ ክበዝሕ ታሪኽና ክጽሕፎ

ዓወት ንሓፋሽ

ብርሃነ ገብረመስቀል 11.10. 08